# ስነ ኣእምራዊ ኲናት

## ሓሶት + ሓሶት = ሓሶት

ኣብዘን ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ኣንጻር ኤርትራን ህዝባን ዝቖንዐ ካብ ቅሉዕ ወራርን ናይ ሕጊ ጥሕሰትን ጀሚርካ ዝተኻየዱ ተጻባኦታትን ዝተፈተኑ ተንኮላትን ዝተኣልሙ ዉዲታትን ጸብጺብካ ክዉድኡ ኣይክእሉን። ኤርትራና እትዉንጨፎ ዘላ ናይ ልምዓት ግስጋሲኣ ንምኹላፍን ሓድነት ህዝባ ንምብታንን: እቶም ኣብ ዓለም ኣለዉ ዝብሃሉ መርዛማት ቀመማት ኣብ ልዕሊኣ ተፈቲኖም ኢዮም። እቲ ብሃብታም ተመክሮ ናይ ቃልሲ ዝሓለፈ ብጽንዓቱን መኸትኡን ዝልለ ህዝብን መንግስቲ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን ግን ኣብ ዉሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ: ንኹሉ ፈተነታትን ተጻብኦን በዲሁ ከከም ኣመጻጽእኡ የፍሽሎ ኣሎ። ንፍርቂ ዘበን ብመሪር ቃልሲ ዝሓለፈ ብሓዊ ዝተፈተነ ህዝቢ ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን ካብቲ ሒዝዎ ዘሎ ቅኑዕ መስመር ንምእላይ: ዝካየድ ዘሎ ኣብ ሓሶትን ፈጠራን ዝተሞርኮሰ ስነ ኣእምራዊ ኲናት: ድምብርጽ ከምዘይብሎን ሎሚ ዉን ከም ቀደሙ ብዝልዓለ ሓድነቱ ኣትሪሩ ብመኸትኡ ንኹሉ ተጻቦታትን ሽርሕታትን የፍሽሎ ኣሎ። ተጻባእትናን ኮራኩሮምን: ንዕኦም ዘገልግሉ ከድዓትን ግን እቲ ሃገርና ብርእሰ ምርኮሳ ኣብ ጻዕረኛ ህዝባን ኣብ ቅኑዕ ፖሊስኣን ተኣማሚና እተርእዮ ዘላ ምዕባለን ግስጋሴን ራዕዲ ስለ ዝፈጠረሎም እቲ ኩሉ ሓሶቶምን መርዛም ቀመማቶምን ክሰርሕ ስለ ዘይከኣለ ናብ ጽላለን ዕብድብድን ኣድሂብሎም ብቐትሪ ክሓልሙን ናይ ጥንቆላን ደብተራን ተግባራት ክፍጽሙ ይራኣዩ። ሓሳዊ ሰብን እንግጢዕን እናሕደረ ይፈኩስ ዝብሃል ነዞም ዘይሓንኩ ከድዓት ኢዩ ተመሲሉሎም። ሓሶት

እተደመሮ ሓሶት እተደመሮ ሓሶት= ኩሉ ግዜ ሓሶት: ኣብ ዉሽጢ ሓደ ሰሙን ዘይመልእ ባናና ረጊጾም: ህዝቢ ኤርትራ ንዒቕዎም ዝወለድኦም ማህጸናት ረጊመንኦም። ብቐደሙ ናይ ወያነ ጥላፍ ጫማ ዝሳለሙ: ተረፍ ጻሕሎም ዘልምጹ: ኣብ ዓዲ ግራትን ኣሰላን ዝነግዱን: ካብዚኦም እንታይ ክትጽበ ከይተወልዱ ደም ኮይኖም እንተዝኸዱ ኢለን ኣዴታቶም። እንተኾነ እቲ ንመራሒኡ ከም ቢለን ዓይኑን ልዕሊ ዘፍቅሮ ዉላዱን ገይሩ ዝርእዮ ህዝቢ ኤርትራ ግን: ኣንቱም ሓሳዳት እንቛዕ ሓሳብ ልብኹም ኣይሰመረልኩም: ብምባል: ንፕረሲደንት ኢሰያስ  ደጊሙ ምሉእ ጥዕናን ነዊሕ ዕድመን ንኽህቦን ተመንይሉን ጸልይሉን።

እታ ሰላም ህዝቢ ዓለም ዘሪጋ ንረብሓኣ ክትብል: ህዝብታት ተናቖት ዘላ ኣመሪካ: ነታ ኣብ ቕርኒ ኣፍሪቓ ብርግኣታን ብሰላማዊ መናባብሮኣን: ብርእሰ ምርኮሳ ምዕባሌኣ እተራጋግጽ ዘላ ሃገርና: ናይ ጽቡቕ ሕማቕ ኣብነት ከይትኸዉን: ብኽደምትን ዑሱባትን ከድዓትን ደቂ ሃገር ኣዋፊራ: ንኤርትራ ካብ ዓለም ንምንጻልን ንኽቡር ፕርሲደንት ብናይ ሓሶት ጠቐነ ምዉንጃልን ምስይጣንን: ቁጠባ ኤርትራ ከይስጉም እገዳ ጌርካ ምሕናቕን ናይ ኩናት ምትኹታኽን ኩሉ ክሰርሕ ስለ ዘይከኣለ: ብቀጻሊ ካልእ ተንኮላትን ሓሶትን ኣብ ምእላም ስርሐይ ኢላ ንትግባሪኡ ሚሊዮናት ገንዘብ ኣዋፊራ ትርከብ። እቲ ዘሕዝን እቶም ብገንዘብ ዝተዓስቡ ደቂ ሃገር ኢና በሃልቲ ነቲ ዘሕፍር ታሪኽ ናይ ማሕበር ኣንድነት ብዝበኣሰ ይደግምዎ ኣለዉ። ደም ክቡር ስዉኣትና ከይነቐጸ ነታ ብኽቡር መስዋእቶም ዘምጽእዋ ሃገር ንኽሸጥዋ ንህዝቢ ኤርትራ ክሒዶም: ምስቶም መሬቶም ወሪሮም መቓብር ስዉኣት ዝፍሓሩን ዘፍረሱን ንሰማንያ ሽሕ ህዝቦም ንብረቶም ዘሚቶም ብዘስካሕክሕ ግፍዒ ዝሰጎጉን: ኣብ ኣዲስ ኣበባን ኤውሮጳን ኣመሪካን ኮይኖም ኣጀንዳ ጸላእቲ ዘተግብሩን ከተግብሩን ዝህቅኑ ዘለዉ ሓተላ ሕብረተሰብ ዝኾኑ ከድዓት: ግዜ ይሕጸር

**ይንዋሕ ህዝቢ ኤርትራ ክጸባጸቦም ምኻኑ ክፈልጡ ይግብኦም። እንተ እቲ ጅግና ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን ግን ከም ወትሩ ድሉው ንመኸተ። ዝመጽአ ይምጻእ ወራሪ ኣብ ባርዕ ሰውራ ሓራሪ። ወይልኹም ከደምቲ ወይልኹም ከድዓት እናበለ ቃልሱ ይቕጽል ዓወቱ ከኣ ናይ ግድን።**

ፋሲል ቀለታ (ሚላኖ)

**ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!!**